# ንኹሉ እንቋዕ ኣርከብናሉ፥

ዕድመ ዝሃቦ ምስ ትዕግስቲ፥
እሙን ኣብ መትከሉ ተበላሓቲ፥
ንኹሉ የርከበሉ ሓንቲ ብሓንቲ፥
እንሆ ይርእዮ ዕንወት ወየንቲ።

ወያነ ዓፋሪት ወሪዱዋ ዱቦላ፥
ኣንጻራ ቆይሞም በዓል ኣባ ገመዳ ዱላ፥
ኣስራት ገብሩ ብወገና ትማሻኽን ኣላ፥
ቀደሙ በዚሑንዶ ኩዳ ብዘይዳይላ።

ኣየ ክሓስም መሬት ብቐትሩ ክጽልምት፥
ዓይኒ ምርኣይ ሲኢና ክትብል ዕምት ዕምት፥
መጻግዒ ሲኢና ላዕልን ታሕትን ክትጥምት፥
ኣባይ ጸሃየ ጠፊኡዎዋ ኣበይ ከምተቋምት።

ኣብ ሸዋ ተኣጉዱ መጋርያ፥
ኣብ ኦሮሞ ተኣጉዱ መጋርያ፥
ኣብ ጎንደር ተኣጉዱ መጋርያ፥
ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ተኣጉዱ መጋርያ፥
ወዮ ጃንዳስ ቃረት ቃረት ጨንያ።

ህ.ወ.ሓ.ት. ኣኺሉ ዕምርኺ ከም ጽምብላሊዕ፥
ንሓጺር ግዜ ኢልኪ ውልዕ ውልዕ፥
ቅልጽም ህዝቢ ረኺቡኪ ኣርሒቑ ዝቐልዕ፥
ኮምኡዩ ዝፍደ ዘይናቱ ዝበልዕ።

ኣበይ ኣሎ እቲ ኩሉ ፈኸራ ጃህራ፥
ቆቆሪስካ ምውሳድ ሜረት ኣምሓራ፥
ብታሪኽ ናይና ኢያ ምባል ንሕምራ፥
ረኽበኺ እንደሞ ሱሑል ካራ።

ጭፍራ ህዝቢ ኣባቲኽኪ ብሰላም ከይነብሩ፥
ሓቢሮም ከይበልዑ ተመሲሖም ከይድረሩ፥
ሕማቕ ታሪኽ ገዲፍኺ ዘይርሳዕ ንሓዋሩ፥
ንስኽስ ትቕበሪ ወይልኣም ህጻናት ተጋሩ።

*ንጃንዳ ዝሰዕብ ዱፉን ኣእሙሮ፡*
*ዓይኑ እናረኣየት ክትሕነቕ ጎሮሮ፡*
*ንዓኺ ዝረኸበት ንዑኡ ነይትምሕሮ፡*
*ኢትዮጵያ ክትድሕን ካብ ሕማም መንሽሮ።*

*ጭፍራ በሊ ካብ ኮነ ዕርበትኪ፡*
*ንሓውዘን ተንበን ይኹን ጉዕዞኺ፡*
*ክትበልዒ ቁዕንቲ ኣራሪኺ፡*
*ዓርበረቡ ኣይተረኸበን ረኣይዮ ኣማዕዲኺ።*

*ነባሪ ዝኸሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መስመር*
*ጥቅምቲ 16, 2017*